# ሪፖርታጅ - ፌስቲቫል ኤርትራ 2007 ዋሽንግተን ዲሲ

ፌስቲቫል ኤርትራ 2007 ዋሽንግተን ዲሲ፡ “ወፍሪ ሎሚ - ራህዋ መጻኢ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ካብ ነሓሰ 10 — 12 ብድምቀት ዝተኻየደ ፌስቲቫል፡ ብላዕለዋይ ልኡኽ መንግስትን ግንባርን ሚኒስተር ሳልሕ መኪ፡ ኣብ SHOW PLACE ARENA፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕ/መ/ኣመሪካ ኣቶ ግርማይ ገብረማርያምን ዕዱማት ኣጋይሽን ህዝብን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ናይ ትሽዓተ ብሄራት ኤርትራ ባህላዊ ክዳውንቲ ዝተኸድና ልዕሊ 20 መንእሰያትን ቆልዑን፡ ካብ ዝተፈላለየ ከተማታት ሕ/መ/ኣመሪካ ዝመጽኡ ተሳትፍትን ተሰንዩ፡ ንቀጽሪ ፌስቲቫል ኤርትራ ዋሽንግተን ዲሲ፡ ቅናት-ጽንብል ብምቑራጽ ብወግዒ ከፊትዎ።

ሚኒስተር ሳልሕ መኪ፡ ብኣምባሳደር ግርማይን ዕዱማት ኣጋይሽን ተሰንዩ፡ ነቲ ኣብ ቀጽሪ ፌስቲቫል፡ ብሚኒስትሪ ዜና ዝተሳእለ ንህሉው ኩነታት ሃገርን ወፍሪ ቁጠባዊ ልምዓትን ዘበስርን ኤግዚቢሽን፡ ንታሪኽ ከተማ ምጽዋዕ ዝድህስስን ስእላዊ ምርኢታት፣ ኣመዓባብላ ቃልሲ ንናጽነት ኣብ ሕ/መ/ኣመሪካ ዝትርኽ “ቁሸት ተዘክሮታት ሓፉሽ ውድባት”፣ ብመንጽር ሕርሻዊ እትዋትና ንኣመጋግባና ዘንጸባርቕ ምርኢት ኣእካልን ጥረታትን ኤርትራ፣ ኣብ ኤርትራ ዝፈሪ ብዓይነቱ ብሉጽ ዝኾነ ካምቻታትን፡ ካልእ ዝተፈላለዩ ስነ-ጥበባውን ንግዳውን ፍርያትን ኣገልግሎታትን ዘንጸባርቕ፡ ነዚ ናይ ሎም ዘበን ፌስቲቫል ፍሉይ ካብ ዝገበርዎ ሰፋሕቲ ምርኢታት ተዓዚቡ። ብድሕሪ'ዚ ዕዱማት ኣጋይሽ ናብ “እንዳ ሃማደኤ” ብምምራሕ፡ ንባህልናን ኣመጋግባናን ዘንጸባርቕ ምኡዝ እንግዶት ብሃማደኤ ቀሪቡሎም።

መድረኽ ፌስቲቫል፡ በተን ካብ ሰሜን ካሮላይና ዝመጽኣ 4 ቆልዑ ሙዚቀኛታት ብሃገራዊ መዝሙር ምስተኸፍተ፡ ኣቦ መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ ሃገራዊ በዓላት ኣቶ ዓንደሚካኤል ገብረስላሰ፡ ንኩሎም ተሳተፍቲ ፌስቲቫል “እንቋዕ ደሓን መጻእኩም” ብምባል፡ ንትርጉምን ትሕዝቶን ናይ'ዚ ፌስቲቫል ዘርዚሩ። ብኣጋጣሚ ፌስቲቫል 2007 ከኣ መኽፈቲ ቃል ንክቕርብ ንኣምባሳደር ዓዲሙ። ኣምባሳደር ግርማይ ገብረማርያም፡ ታሪኻዊ ኣመዓባብላን ኣገዳስነትን ፌስቲቫልን ብሓጺር ድሕሪ ምግላጽ፡ ህዝቢ፡ ፌስቲቫላትና ትእምርቲ ታሪኽ ናይ'ቲ ዘይጸዓድ ፍትሓዊ ቃልሲና ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ከም ወትሩ ብሓድነት ክሳተፎን ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ዕማማቱ ከኣ ሓቢሩ ንቕድሚት ክምርሽ መኺሩ። ፌስቲቫል ዕዉት ንክኸውን ንዘሰርሑ ኩሎም ማሕበራትን ውልቀ ሰባትን ከኣ ኣመስጊኑ። ብድሕሪ'ዚ ተሳተፍቲ ከተማታት ብሃገራዊ ዜማታት ተሰንየን በብከተመአን ተሰሊፈን ናብ መድረኽ ኣተዋ።

ኣብ'ዚ ናይ ቀዳም መደባት ካብ ዝተኻየዱ ንጥፈታት፡ ሓያለ ተሳተፍቲ ዝተኻፈልዎም፡ ብሃማደኤ ዝተዳለወ ሰሚናር “ሕቶ ጀንደርን ተራ ደቂ ኣንስትዮን”፣ ብትካል ወፍሪ ኤርትራ (E.I.C) ን”ወፍሪን ቁጠባዊ ኣነባብራን ኣብ ኤርትራ”፣ ብማሕበር ኤርትራውያን ኣመሪካውያን ዝተወደበ ወጻእተኛታት ዝተሳተፍዎ ዓውደ መጽናዕቲ “ሕቶ ሰላም ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ”፡ ብተኸታታሊ ኣብ ቀጽሪ ኣደራሽ ኣስተምህሮታትን ሰሚናራትን ቀዳም ድሕሪ ቀትሪ ቀሪቦም።

እቲ ብስነ-ጥበባዊት ፋጡማ ስሌማን ዝተዳለወ፡ ምርኢት ያታውን ዘመናውን ኣለባብሳ ትሽዓተ ብሄራት ኤርትራ፡ በተን ኣብ ስደት ተወሊደን ዝዓበያ መንእሰያትን ቆልዑን ብሃገራዊ ዜማታትና ተሰንዩ ብዘደንቕ ክእለት ምርኢት ቅዲ ባህላውን ዘመናውን ኣከዳድና ቀሪቡ። ወዲ 10 ዓመት ኖህ ዳዊት ኣብ መድረኽ ቀሪቡ በቲ ምልከቱ ዘመስከረሉ ህርመቱ ናይ 70ታት ዜማታት ብጊታር ንተዓዘብቲ ብምቕራቡ ዓቢ ኣድናቖት ኣትሪፉ። ካብ ዓዲ እንግሊዝ ዝመጽአት መንእሰይ ማክዳ ስኒት ንታሪኽን ተራን ደቂ ኣንስትዮን ኤርትራ ተንጸባርቕ ደርፊ ብዘደንቕ ክእለት ብቛንቋ እንግሊዝ ዘይማ። ጉጅለ ዋርሳይ ዋሽንግተን ዲሲ ከኣ ዝተፈላለየ ዜማታት ኣቕሪቦም።

ኣብ ሜዳ ስፖርት፡ ካብ ሰዓት 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 4 ድ.ቀ. ኣብ ቤት ትምህርቲ Ruth Webb ካብ ዝተፈላለየ ከተማታት ዝመጽኡ ጋንታታት ቆልዑን መንእሰያትን ዝተሳተፍዎ፡ ንዋንጫ ፌስቲቫል መን ወሰደ፡ ሓያል ግጥማት ኩዕሶ እግሪን ሰኪዔትን ተኻይዱ። ኣብ'ዚ ናይ ሎምዘበን ስፖርታዊ ግጥማት፡ ኣብ 22 ጋንታታት ኩዕሶ ሰኪዔት ዝተጠርነፉ ኣስታት 250 ቆልዑን መንእሰያትን ውዕዉዕ ግጥማት ኣካይዶም። ብተወሳኺ፡ 10 ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ'ውን ካብ ዝተፈላለያ ከተማታት መጺኤን ብውዕዉዕ መንፈስ ተሳቲፈንአ። እቲ ንክልተ መዓልታት ኣማኢት ኣፍቀርቲ ስፖርት መዓልታዊ እንዳተኸታተልዎ ክኸይድ ዝቐነየ ግጥማት ኣዝዩ ርሱንን ሓያልን ኮይኑ፡ ውጽኢቱ ከም'ዚ ዝስዕብ ኢዩ።

| ዓይነት ጸወታ | ምድብ | ተዓዋቲት ጋንታ |
|---|---|---|
| ኩዕሶ ሰኪዔት | ደ.ኣን ትሕቲ 14 ዓመት | ጋንታ ዋርሳይ - ቦስቶን |
| | ደ.ኣን ልዕሊ 15 ዓመት | ጋንታ በለስ - መሪላንድ |
| | ደቂ ተባ 14 — 17 ዓመት | ጋንታ ወሪራ - መሪላንድ |
| | ደቂ ተባ 18 — 24 ዓመት | ጋንታ ጅግና - ዲሲ |
| ኩዕሶ እግሪ / ቆልዑ | ደቂ ተባ 06 — 09 ዓመት | ጋንታ እንጀራ - ዲሲ |
| | ደቂ ተባ 10 — 13 ዓመት | ጋንታ ኖቫ - ዲስ<br>ጋንታ ቺካጎ |
| | ደቂ ተባ 14 — 16 ዓመት | ጋንታ ማሳዋ - ዲሲ |
| | ደቂ ተባ 17 — 18 ዓመት | ጋንታ ቺካጎ |
| ተሳትፎን ጠባይን | ደቂ ተባ 14 — 16 ዓመት | ጋንታ ሮቸስተር |
| ኩዕሶ እግሪ | ዓበይቲ | ጋንታ ኖቫ - ቨርጂንያ |

ኣብ መድረኽ ሰሚናራት፡ ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስትን ግንባርን ሚኒስተር ሳልሕ መኪ፡ ምስ ህዝቢ፣ ኣብ ስደት ተወሊዶም ዝዓበዩ መንእሰያትን፣ ኣባላት ህግደፍን ዝተፈላለየ ኣኼባታት ኣካይዱ። ሚኒስተር ሳልሕ መኪ፡ ኣብ'ቲ ንህዝቢ ዘካየዶ ሰሚናር፡ ኣብ'ዚ ዘሎናዮ እዋን፡ ኤርትራ ብመትከል ርእሰ-ምርኮሳ እንዳተመርሐት ብኹሉ መዳያት ነብሳ ንኽትክእልን ክትከላኸልን ታሪኽ ኣብ ትሰርሓሉ ዘላ እዋን፡ ኣብ ውሽጥን ግዳምን ዘለዉና ዓበይቲ ዕድላትን ከበድቲ ብደሆታትን ብዝርዝር ብምትንታን፡ ኤርትራ ሒዛቶ ዘላ ቅኑዕን ፍትሓውን ጉዳይ፡ መስርሕ መኸት ኣደልዲሉ ናብ ዓወት ዘብጽሕ ዘተኣማምን ኀደና ምኳኑ ኣብ ዘብርሃሉ ሰፊሕ መግለጺ፡ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ፣ ውሑስን ርትዓውን ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፣ ትምህርትን፣ ኢንዱስትርያዊ ምዕባለን፣ ካልእ ኣገደስቲ መዳያትን ዝሕብር ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ። ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝቢ ከኣ ከም ወትሩ ቀንዲ ተዋሳኢ ናይ'ዚ ቅያ ከምዝኾነ ምስ ኣብነታቱ ኣብሪሁ። ካብ ህዝቢ ዝቐረበሉ ሕቶታት ከኣ ብሰፊሑ መሊሱ። ኣብ'ቲ ንኣብ ወጻኢ ተወሊዶም ዝዓበዩ መንእሰያት ዘካየዶ ኣኼባ፡ ሚኒስተር ሳልሕ መኪ፡ እቲ ንኤርትራ ዝሕግዝ መንእሰይ ብቐዳምነት ነብሱ ሰሪዑ፣ ተማሂሩ፣ ነብሱ ዝኽእል መንእሰይ ስለዝኾነ፡ መንእሰያት ንዝለዎም ዕድላት ተጠቒሞም፡ ብቑዓትን ኣፍረይትን ንክኾኑ ዘኽእሎም መገድን ሓበሬታን ኣቕሪቡ። ኤርትራውያን መንእሰያት ከኣ ብቑዓትን ብሉጻትን ኮይኖም ንኽወጽኡ፡ ቀዳሞት መንእሰያት ዝሓለፍዎ ታሪኽን ተሞክሮን ክውክሱ ዘኽእሎም ዓቢ ዕድል ከምዘለዎም ገሊጹ።

ርክብን ዝምድናታትን ኣብ ግዜ ጭንቀት ብሮቤል ኪዳነ፣ ፕሮጀክት ፊደል - ምምዕባል መምሃሪ ቋንቋ ትግርኛ ንኣብ ወጻኢ ዝነብሩ መንእሰያትን ዝምልከት ክልተ ኣገደስቲ ኣስተምህሮታት ቀሪቦም።

ሰንበት ዝቐረበ ዕዙዝ ተሳትፎ ኣብ ስደት ተወሊዶም ዝዓበዩ መንእሰያት ዝተራእየሉ ምርኢት ተውህቦታት ኢዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ ምርኢት፡ ካብ ኣትላንታ ዝመጽኣት ጉጅለ ሙዚቃ መንእሰያት ብኖታ ኣሰንዮም፡ ሃገራዊ መዝሙር፣ ቅሰኑ ሰምእታትና፣ ዓይኖም ሰለም ከየበሉ ዝብላ መዛሙር ብመሳጢ ክእለት ተጻዊቶመን። ካብ ከተማ ኒውዮርክ ዝመጽኣ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ስዕስዒት ብሄረ ሕዳርብን ኩናማን ምስ ናይ ምልከቱ ብሙዚቃ ኣሰንየን ምርኢትን ካልእን ቀሪቡ።

ኣብ'ዚ ናይ ሎምዘበን ክልቲኡ ጸታ ዘጠቓለለ ናይ ዝተፈላለየ ደረጃታት ዕድመ ዝተሳተፍዎ ግጥማት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዝተዓወታ ጋንታት ኩዕሶ እግሪን ሰኪዔትን፡ ከምኡ'ውን ፌስቲቫል ንምዕዋት ዝነኣድ ተሳትፎ ዝገበሩ ማሕበራትን ውልቀ ሰባትን ካብ ኢድ ሚኒስተር ሳልሕ መኪን ኣምባሳደር ግርማይ ገብረማርያምን ዋናጩን ምስክር ወረቐትን ተዓዲሎም። ብተወሳኺ፡ ኣባላት ማሕበር ሙዚቀኛታት ኤርትራ ምስ'ቶም ካብ ኤርትራን ኤውሮጳን ዝመጽኡ ታረቀ ተስፉሂወትን፡ ኣልኣሚን ሓሰበላን፡ ዓንደ ወዲ ቐሺን እንዳተበራረዩ ክሳብ ወጋሕታ ድሙቕ ባህላዊ ትልሂት ኣካይዶም። ሰዓት 2 ወጋሕታ ከኣ ሰዓት ምዝዛም ፌስቲቫል ኤርትራ 2007 ብምዃን፡ ህዝቢ "ንዓመታ ከም'ዚ እዋን የራኽበና" እንዳተበሃሃለ፡ ብሓጎስ ተፈላልዩ።

**ዓወት ንሓፋሽ !!**

ሽማግለ ጎስጓስን ሓበሬታን
ኣ/ሽ/ሃገራዊ በዓላት